# መጠቃለሊ GROENLINKS UTRECHT 2022

ከተማ ኡትሬኽት ኩሉ ሰብ ብማዕርነት ዝነብረላ ከምኡ ድማ ደቂ ሰባት ነንሕድሕዶምን ምስ ባህርያዊ ተፈጥሮን ሚዛኖም ሓልዮም ዝነብሩላ ከተማ ክትከውን ንሰርሕ።
ብናይ ኣከባቢ ልምዓትን ናይ እንስሳታት ህይወትን ኣዚና ኢና እንግደስ። ሑሱር ዝኾነ መንበሪ ገዛውቲ ኣብ ዕዳጋ ንኽህሉ ከምኡ ድማ ኣንጻር ድኽነትን እንዳዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ኣብ ድኻታትን ሃብታማትን ዘሎ ዘይተማጣጠነ ፍልልይ ንምጽባብ ንቃለስ። ዝሓሸ ናይ ጽዓት ምንጪ ክህልወና ንጽዕር። ጥዕናን ሓጎስን ናይ ዜጋታትና ልዕሊ ናይ ቁጠባዊ ዕቤት ኢና እንሰርዖ። ናብ ዝተጠቀምናሉ ንብርታት ስርሑ ድሕሪ ምብቃዕ (ምእራግ) ደጊምና ብኻልእ መልክዕ ክንጥቀመሉ ዘኽእል ናይ ቁጠባዊ ኣካይዳ ክህልወና ንሰርሕ። ኩሉ ሂወቱ ንኽልውጥ (ንኽማዕብል) ዕድል ንህብ። እዚ ድማ ኣብ ትምህርቲ፡ ምውህሃድ (ኢንበርኸሪንግ) ኮነ ኣብ ኣስታፊ ንጥፈታት ብምውፋር (ገንዘብ ብምብርካት) ክንበጽሖ ንደሊ።

ንተጠቀምቲ ብሽክለታን ንብእግሪ ዝጓዓዙን ቀዳምነት ንህብ። ንነበርቲ ከተማና ካብ ገበናትን ተነጽሎን ንከላኸል። ንስፖርት ኣብ ማእከል ኢና ንሰርዖ። ንስነ-ጥበብን ባህልን ቦታ ንህብ። ጽርይቲ ከተማ ምስ ንጹህ ኣየር፡ ናይ ድምጺ ረበሻ ዘይብላን ዝተበተነ ጓሓፍ ዘይርከባ ክትህልወና ንሰርሕ።.

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ምስ ናይ ከተማና ነበርቲ ብሓደ ብሙኳን ኢን እንዓም። ሰለዚ ኢና ውን ተሰታፎ ብዕቱብ ንከታተሎን ነተባብዖን። ኩሉ ዕላማና ንምብጻሕ፡ ካብ ብከላ ኣየር ናጻ ዝኾነትን ንኹሎም ተጠቐመጥታ ምቹእቲ ከተማ ንኽትህልወና ንዘለና ገንዘብ ብውሑሉል ኣገባብ ንጥቀመሉ። ብተወሳኺ ኣውፈርቲ ኣብ ዘላቕነት (ኣብ ኣንጻር ብከላ ኣየር ዝግበር ወፍሪ) ከበርክቱን፡ በከልቲ ክኸፍሉን ፡ ሓያላት (ደልዱል ዝመንኮቦም) እቲ ዝኸበደ ሸኽም ከምዝስከምዎ ንገብር።

**ኣብ ዝኽኣልናዮ ዘበለ ነልምዕ፡** እዚ ድማ ንሳዕቤናት ናይ ክሊማ-ቀውሲ ንምምካትን ከትማና ኡትሬኽት ንብዙሓት ሰባት ንኽትነብረላ ምቹእትን ጥዕምትን ኮይና ንኽትቅጽልን እዩ፡ ። ተወሳኺ ኣግራብ ንተክል። ብህርያዊ ዝኾነ ናይ ህጻናት መጻወቲ ጀርዲንን ንኣሸቱ ዱር (ጫካ) ንሰርሕ። ኣብ ልሙዕ ቦታ ብእግርኻን ብብሽክለታን እቲጓዓዘሉ መንገዲ ክልወና ነበርክት።

ብዙሕነት ናይ ስነ-ሂወት (ሂወታዊ ስሱንነት) ኣብ ኡትሬኽት ኣብ ዝመጽእ 4 ዓመት ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ንኽርከብ ንደሊ። እዚ ድማ ልምዓታዊ ንጥፈታትን ማይን ብምርኻብ፡ ህዝባዊ ቦታታት ብምልባዕን ንእንስሳታት ጠቃሚ ዝኾነ ጀራዲን ብምልማዕን ኢና ክውን ንገብሮ።

ክሎም እንስሳታት ክብሩ ዝሓለው ክንክን ናይ ምርካብ መሰል ከምዘልዎም እዮ ኽሩን-ሊንክስ ዝኣምን። ብዝተኻኣለ መጠን ቃንዛ ናይ እንስሳታት ንኸይህሉ ንጽዕር፡ ንኣብነት ካብ ጽቡቕ ክንክን ዘይረኽቡ እንስሳታት ዝርከብ ውጽኢት (ጸባ፡ስጋ) ንኽሸየጥ ኣይነታባብዕን።

**ሑሱር ገዛውቲ ንኽስራሕ ካብ ኩሎ መደባትና ብቐዳምነት ኢና ንሰርዖ።** ንኣዝዩ ህጹጽ ዝኾነ ሽግር ሕጽረት ገዛ ንፍታሕ ግዝያዊ ህንጻ ንኽስራሕ ንጽዕር። ብተወሳኺ ድማ ብስሩዕ ብዙሕ ገዛውቲ ንኽስራሕ ነተባብዕ (60.000 ኣብ 2040 ዓ፡ም)። እዚ ንምኺን ድማ ነዚ ኣብ ኡትሬኽት ዘሎ ናይ ትካልት ጥራይ ህንጻታት ተወሳኺ ናይ መንበሪ ገዛውቲ ንክህልዎ ብምግባር እዩ። ኣብ ክተማና ዘሎ ቦታ ብውሕልነት ንጥቀመሉ። ንእብነት ኣብ ልዕሊ ድኳናት ናይ መንበሪ ገዛውቲ ንምህናጽ ነተባብዕ።

GROENLINKS UTRECHT

ኣብዚ ናይ ሕጽረት ገዛ ሽግር ኣብ ምቕራፍ እንገብሮ ጻዕሪ ዝተፈላለይ ድሕረ ባይታ ዘልዎም ተቐማጦ ከተማና ሓቢሮም ንኽነብሩ ንሰርሕ። ንኣብነት ኣብ ነፍስወከፍ ዝስራሕ ገዛውቲ 40% ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ሰባት ክካርይዎ ዝኽእል ክኸውን ንደሊ። ነፍስውከፍ ሓድሽ ዝስራሕ ጋዛ ቀጻልነት ዘለዎን ንምእታው ዘየሽግር ንኽኸውን ንሰርሕ።

ድኽነትን እዚ እንዳዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ኣብ መንጎ ሃብታም ድኻታትን ዘሎ ፍልልይ ሽግር ኣብ ኡትሬኽት ንምፍታሕ ዝክኣለና ዘበለ ንገብር። እቲ ዕዉት ዝኾነ ንኣብ ዕዳ ዝርከቡ ዜጋታትን ዕድኦም ኣብ ምኽፋል እንጥቀመሉ መንገዲ ክንቅጽሎ ንደሊ። ንትሑት ኣታዊ ዘለዎም ዜጋታትና ተወሳኺ ገንዘብ ናጻ ንገብር።

ብሰንኪ ቀውሲ ናይ ኮረና ኣብ 2020- 2021 ሃንደበት ብዙሕ ገንዘብ ተወሳኺ ገንዘብ ክወጽእ ኔርዎ። ኹሩን ሊንክስ ብዙሕ ገንዘብ ብምቑጣብ ነቲ ቀውሲ ከጋድዶ ኣይመረጸን። ብሰንኪ ሕጽረት ገንዘብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ሽግር ክወድቕ ኣይንፈቅድን። ከም ኩሉ ግዜ ድማ ኣብ መጻኢ ከንውፍር ኢና።